# ዓቢ እስሪ ቤት ኮነት... ኤሪትሪያና

**ዝኽሪ 14 ሚያዝያ፣ "መዓልቲ እሱራት ኤርትራውያን"**




ይሓልፍ ዶ ይኸውን...

እዚ ኹሉ ጭቖና... ራዕዲ???

መንእሰይ ዶብ ክሰግር...

ክሃድም... ካብ ውልቀ መላኺ

መሬትሲ ሓራ ወጺኣ ይባሃል...

ህዝብና ግን... ተደሪሩ ግፍዒ!

ዓቢ እስሪ ቤት ኮነት ኤሪትሪያና...

ሕጊ የለ... ሰላም... መሰል... ፍትሒ

*****

ይዝንቶ ዶ ይኸውን ሓኪፉ…

እዚ ኹሉ ሰደት… መከራ ጭንቒ?

ነዚ ድዩ ነሩ እቲ ኹሉ…

ጀግንነት… መስዋእቲ… ቃልሲ???

እደ ደም ነቢዓ ብስቃይ…

ክትበኪ… ለይቲ ምስ መዓልቲ

ሕድሪ ሰማእታትና ተጠሊሙ…

ሓርነት የለ… ፍትሒ… ወላ ክብሪ

*****

ውልቀ መላኺን ጭፍራ ህግደፍን…

ካብ ኮኑ መራሕቲ

ህዝቢ ተኣሲሩ ተገሪፉ ንዓመታት…

ክሳቕ ብዘይ ሕጊ ፍርዲ

ቀልዓ ኣይተረፈ ዓቢ ንኡሽተይ…

ሰብኣይ ኮነት ሰበይቲ

ንበድሆም ጭፍራ ህግደፍ ይትኣለዩ

ይቦርቕቑ ካብ ሱሮም እዞም ጠለምቲ

ብዘይ ቃልሲ ለውጢ ኣይርከብን'ዩ

ነተግብር ብሂላትና ኣብ ግብሪ

ምሕረት ይውረደና ካብ ፈጣሪ…

ክወግሓልና እዚ ድቕድቕ ጸላም ለይቲ

*****

ሰዉኣትና እንተዝምለሱ...

እንታይ ኮን ምበሉ???

ስቓይ ህዝብና እንተዝሪኡ...

ኣብ ገሃነም እሳት ሰፊሩ!!!...

መንእሰይ ጊላ ኣገልግሎት ኮይኑ

ሃጽ ኢሉ ክጠፍእ መሪጹ

መጻወድያ ጭፍራ ህግደፍ ኮነት ኤረና

ዓዲ ተባዓት ተቓለስቲ... ዓዲ ጀጋኑ

*****

መንእሰይ ተበራበር... ተሰከም ሕድርኻ

ክሳብ መዓስ እዩ... ክትሃድም ጀጂኻ

ንምልኪ ግጠሞ... መዓንጣኻ ሸጥ ኣቢልካ

ሓርነት ኣይርከብን እዩ... ዋጋ ከይኸፈልካ

***

ሓቢርና ንቃለስ... ነቒሕና... ኣትሪርና

ኣብ መትከል ረጊጽና... ንሓርነት ህዝብና

ንመከት ንቃወም... ምልኪ ስርዓት ሓቢርና

እሱራትና ክፍትሑ... ፍስሃ ክትለብስ ሃገርና

ዝኽሪ 14 ሚያዝያ፡ "መዓልቲ እሱራት ኤርትራውያን"

14 April - Eritrea: Prisoners of Conscience Day